

## እነ�southernርበቦ ዓይነታት ኣገልግሎት..............

ገለልተኛ፣ ወለንተናዊ ምኽሪ፣ ክፍሊት ዘይሕተተሉን ብሞያዊ ምስጢራውነት ዝግዛእ

ኣብዞም ዝስ ዕቡ ጉዳያት ንሕግዘኩም:

- ምኽሪ
- ሓባርዊ ናይ ዝርርብ መኣድታት ምምእካል፡ ን ኣብነት ምስ መማህራን፣ ምስ ወለዲ፣ ከምኡውን ምናልባት ምስ ካልኦት ኣካላት
- ኣብ ትሕዝቶ ዘቕነው ትዕዝብተ ትምህርቲ
- ምስ ናይ ትምህርቲ፣ ማሕበራን ናይ ሕክምናን መሳለጥያታት ምትሕብባር
- ናይ መስርሕ  ምቁጽጻርን ምግምጋምን
- ስልጠና ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ
- ፍሉይ ተደላይነት ዘለዎም መዓልታትን ስልጠናን
- ናይ ስራሕ ጉጅለታት ምስናይ

## ምዝገባ

ኣብ ዋረንዶርፍ ቑጽሪ 55
48231 ዋረንዶርፍ
ዝርከብ ማእከል ምኽሪ ስነ-ኣእምሮ  ቤት ትምህርቲ
(School Psychology Counselling Centre of
Warendorf Düsternstraße 55
48231 Warendorf
ቁ፡ስ: 0 25 81 - 53 42 42
ፋክስ: 0 25 81-53 42 49
መርበብ ኢንተርነት፡
schulberatung@kreis-warendorf.de
www.schulberatung.kreis-warendorf.de

ቤት ጽሕፈት (ወ/ት ፍሉኽተንከተር) መዓልታዊ ካብ ሰዓት    8፡00 ቅ፡ቐ ክሳብ ሰዓት 11፡30 ቅ፡ቐ ክፉት እዩ።
ቅጥዒ ምዝገባ ንምርካብ ወይ ድማ ብተለፎን ናይ ምዝርራብ ዕድል ምህላዉ ንምፍላጥ ቤት ጽሕፈት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።
ብተወሳኺ ድማ፣ ነዚ ሓበሬታ'ዚ ድማ ኣብ ናይ ኢንተርነት መርበብ ሓበሬታና ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብስልኪ ክትረኽቡና እንተዘይክ ኢልኩም፡ ብኽብረትኩም መል እኽቲ ኣብቲ መቐበሊ መልእኽቲ ግደፉ። ብዝቐልጠፈ ግዜ ኽኣ መሊስና ክንድውለልኩም ኢና።

ዝተመሓየሸሉ: መስከረም 2016

www.kreis-warendorf.de

ጽምዶ ንመጻኢ



# ምኽሪ ስነ-ኣእምሮ ቤት ትምህርቲg

ንመማህራን፣ ንተማሃሮ፣ ንወለድን ንሰብ ሞያ ትምህርትን



KREIS WARENDORF

## ነዞም ዝስዕቡ ምኽሪ ንልግስ............

### መማህራን:

- ብዛዕባ ናይ ምምሃር ሞያኻ/ኺ ምሳና ክትዘራረበሉ/ብሉ ትደሊ/ልዪ ዶ?
- ብዛዕባ ኣተሓሕዛ በዳሂ ባህርያት ናይ ዘለዎም ተማሃሮ ሓገዝ ትደሊ/ልዪ ዶ?
- ምምዕርራይ ሰዓታት ስራሕን ውልቃዊ ህይወትን ከተማሓይሽ/ሺ ትደሊ/ልዪ ዶ? Do you want to work on your work-life balance?
- ብዛዕባ ምትብባዕ ትምህርቲ ክትዘራረብ/ቢ ትደሊ/ልዪ ዶ?

### ኣብ ክሊ ስር ዓተ ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰራሕተናታት:

- ምኽሪ ብዛዕባ ተማሃሮን/ መምሃሪ ክፍልን ትደሊ/ልዪ ዶ?
- ምስ መሳርሕትኻ/ኺ ብዛዕባ ስራሕካ/ኪ ሓሳባት ምልውዋጥ ምደለኻ/ኺ ዶ?
- ክእለታትካ/ኪ ከተማሓይሽ ምደለካ/ኺ ዶ?
- ኣብ ስራሕካ/ኪ  ዕዉት ንኽትከውን/ኮኒ ክሕግዙ ብዛዕባ ዝኽእሉ ኣገባባት ናይ ሓስባት ምልውዋት ከተካይድ/ዲ ምደለኻ/ኺ ዶ?
- ብሓባር ክትሰርሕ/ሒ ድልየት ዘለካ/ኪ ኣብ ቤት ትምህርቲ እትሰርሕ/ሒ  ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት በዓል/ቲ ሞያ ዲኻ/ኺ?
- ምስ ፍሉይ በዓል ሞያ ኮይንካ/ኪ ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሕለፍካዮ መዓልቲ ስራሕ ክትዘራረብ/ቢ ወይ ክትሓስብ/ቢ ትደሊ ዶ?



## ነዞም ዝስዕቡ ምኽሪ ንልግስ........

### ተማሃሮ:

- ምስ መማህርትኻ/ኺ (ደቂ ክፍልኻ/ኺ)  ወይ መማህራንካ/ኪ ጸቕጢ ይስመዓካ/ኪ ዶ?
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ዝያዳ ክፎኽሰካ/ኪ ይኽእል?
- ኣብ ትምህርትኻ/ኺ ብኸመይ ዕዉት ክትከእውን ትኽእል/ሊ?

### ወለዲ:

- ንወድኻ/ኺ ወይ ንጓልካ/ኪ ኣብ ትምህርቱ/ታ ብኸመይ ክትሕግዞ/ዛ  ትኽእል/ሊ?
- ንስኩምን መማህራን ደቅኹኹም ኣብ ትምህርቲ ይዕወቱ ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ንምፍላጥ ብኸመይ ክትከታተሉዎም ትኽእሉ?
- ውላድካ ንቤት ትምህርቲ ምኻድ ንኽፈትው ብኸመይ ክትሕግዝ/ዚ ትኽእል/ሊ?
- ውላድካ/ኪ ኣብ ትምህርቲ ግዳይ ናይ ምድሃል እንተኾይኑ እንታይ ክትገብር/ሪ  ትኽእል/ሊ?
- ንውላድካ/ኪ ዝሰመሞያ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ክትረክብ/ቢ ትኽእል/ሊ?

## ነዞም ዝስዕቡ ምኽሪ ንልግስ.......

### ርእሰ መማህራን:

- ንቤት ትምህርትኻ/ኺ ዝከውን ሓድሽ ኣገባብ ምስ መሳርሕትኻ/ኺ ክትሻረኽ/ኺ፣ ከተማዕብል/ሊን ኣብ ተግባር ከተውዕል/ሊን ትደሊ/ልዪ ዶ?
- ስልጠና ምሓገዘካ/ኪ ዶ?
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ክፍጠር ዝኽእል ቅልውላው ኣብ ም እላይ ( ምምሕዳር) ሓገዝ የድልየካ/ኪ ዶ
- ናይ ቤት ትምህርትኻ/ኺ ኣምር ክትቅይር/ሪ ትደሊ/ልዪ  ዶ?
- ኣብ ቤት ትምህትርኻ/ኺ መርሕ ምቕባል ሓደሽቲ ስደተኛታትን ቆልዑን ብዝምልከት ሓገዝ የድልየካ/ኪ ዶ ?

